

# ናበይ ገጽና ኢና?

*ዳንኤል ተስፋይ*

ንበል፡ ሓደ ግሩህ ሓታታይ፡ *'ቤተ ክርስትያንሲ እንታይ እዩ?'* ኢሉ እንተ ዝሓትተናስ እንታይ ኢልና ኰን ምመለስልናሉ? ምናልባሽ፡ ቤተ ክርስትያን ደቂ እግዚኣብሄር ዝሓብሩሉ፡ ሓቢሮም ስም ኣምላኽ ልዕል ዘብልሉ፡ መስዋእቲ ምስጋና ዝቕርብሉ፡ ከምኡ ድማ ዝባረኽሉን ዝድሕኑሉን ቤት እዩ ምበልናዮ። ልክዕ ድማ እዩ። ግናኸ፡ ከምዚ ድኣ ይጀምራ እምበር፡ ኩለን ቤተ ክስርትያናትዶ ከምቲ ዝጀመርኦ ኰይነን ይነብራን ይቕጽላን እየን?

እቲ ኣማኒ፡ ኣድላይነት ቤተ ክርስትያን ክሳዕ ክንድቲ ዓቢ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ይኹን እምበር፡ ድሕሪ ዕስራ-ሰላሳ ዓመታት ካብቲ ምጅማረን፡ እቲ መንፈሳዊ ሃለዋት ናይ ቤተ ክርስትያናት ከመይ ኰን ይኸውን? ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲናስ፡ ኣዳቒቕናዶ ሓሲብናሉ ንፈልጥ? እቲ ህንጻ ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝኸዶ የብሉን። እሞ፡ ብዛዕባ እቲ ህንጻ ንዛረብ ከም ዘየሎና ንኹላትና ብሩህ እዩ።

እቲ ህላውነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ብግልጺ ዝርኣየሉ ቤትሲ ብኸመይ መልክዕ ይቕጽል? ታሪኻዊ መልሲ እዚ ሕቶ እዚ ንኽትሰምዖ ባህ ዘብል ኣይኰነን። ምኽንያቱ እቲ ቤተ ክርስትያን ልምዳውን ባህላውን ሃይማኖት ኰይኑ ጥራይ ዝተርፈሉ እዋናት ኣሎ። ቤተ ክርስትያን እቲ ቐንዲ መንነቱ ሃሲሱስ ከም መኣከቢ ክበብ ዓይነት ኾይኑ ዝተረፈሉ ኣብነታት ብዙሕ ኣሎና። ቤተ ክርስትያን ኣብዚ ኸምዚ ዓይነት ኩነታት እዚ ዚወድቕ ጊዜ ጸብጺቡ ጥሮትኡ ስለ ዝኣኽለ ኣይኰነን። እወ፡ ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነታት ንኽወድቕ ሰራማት ዝኾኑ ጠንቅታት ኣለዉ።

"ዕድመ ቤተ ክርስትያንሲ ካብ ክልተ ወለዶ ኣይሓልፍን እዩ" ዚብሉዎ ብሂል፡ ብሓቂ ዝርብሽ ብሂል እዩ። ብዘይ ምኽንያት ድማ ኣይኰነን። ቅድሚ ሰላሳ ኣርብዓ ዓመት ክጅምራ ኸለዋ ክብሪ ኣምላኽ ዘንጸባርቓ፡ ኢድ ኣምላኽ ክትሰርሕ ከላ ብግልጺ ዝረኣየለን፡ ሰባት ተባሪኾም ንበረኸትን ንድሕነትን ዝኾኑለን፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተመሊኤን ዝነበራ ቤተ ክርስትያናት ህልዊ ኹነታተን ከመይ ኣሎ ኢልና ምስ እንሓትት፡ እቲ እንረኽቦ መልስታት ከምቲ እንጽበዮ ኣይከውንን። ምኽንያቱ ብዙሓት ቤተ ክርስትያናት እቲ ህሉው መንፈሳዊ ኩነታተን ከምቲ ኣጀማምርአን ኰይኑ ኣይንረኽቦን። እንታይ ተረኽበ? እንታይ እዩ እቲ ጸገም? እቲ ጉድለትሲ ናይ እቶም ዝጀመርዎ ቐዳሞት ዶ እዩ ወይስ ናይቶም ዝቐጸልዎ ዳሕረዎት ወለዶ?



እቲ ዳሕረዋይ ወለዶ ነቲ ካብቶም ቀዳሞት ዝተቐበሎ ኣሰር እናተኸተለ እዩ ዝኸይድ። ስለዚ ኸኣ ሓደ ቤተ ክርስትያን ከምቲ ኣጀማምርኡ እናዓበየን እናበርትዐን እናደንፍዐን እምበር እናተደቘሰን ኸይከይድ እቲ ቐዳማይ ነቲ ዳሕራይ ወለዶ ዓቢ ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ኸኣ ፍሉጥን ርዱእን ክኸውን ኣለዎ እሞ፡ ኣባናኸ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ዓይነት ሓላፍነትሲ ሃለዋቱ ከመይ ኣሎ?

ኣቐድም ኣቢልና "ዕድመ ቤተ ክርስትያንሲ ካብ ክልተ ወለዶ ኣይሓልፍን እዩ" ዝብል ብሂል ኣሎ ኢልና። ነዚ ኸኣ፡ "ድሓን ናይ ሕጂ እሞ ንግበር፣ ናይ ደሓር ከኣ እግዚኣብሄር ይፈልጥ" ዝዓይነቱ፡ ክንቱ ዝኾነ መደዓዓሲ ክንህበሉ ንርኤ።

> እቲ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ዘይሓስብ ብዛዕብኡ ዘይግደስ ምኻኑ ጭብጢ መርትዖ 'ውን ኣየድልዮን።

እዚ፡ ከምቲ ኣቐድም ኣቢልና ዝበልናዮ፡ እቲ ብዛዕባ ናይ እቲ ዝመጽእ ዘይሓስብ ብዛዕብኡ ዘይግደስ ምዃኑ ጭብጢ መርትዖ ዘድልዮ ኣይኰነን።

እምበኣር ኣብ ዓዲ ስደት ተጠርኒፍና እንርከብ ክርስትያናት ኣመንቲ፡ ደቅናን ደቂ ደቅናን ነቲ ዝጀመርዎ መንፈሳዊ ህይወት እንተ ዘይቀጺሎምዎ ጥዕናን ዕድመን ቤተ ክርትስያናትና ነዊሕ ከም ዘይከውን ምግምጋሙ ከቢድ ኣይኰነን። እሞ ከም ክርስትያናት መጠን ግዴና ንኸይንርስዕ ንጠንቀቕ።

ከም ክርስትያናት መጠን ደቅና፡ ደቂ ሕድሪ ምዃኖም ርዱእ እዩ። ከምቲ ጌርና ኽንዕብዮም ኢና ኢልና ኣብ ቅድሚ እቲ ንዕኦም ዝሃበና እግዚኣብሄር ዝኣተናዮ ቃል መብጽዓ ኽንሕሉ መለኮታዊ ሓላፍነት ከም ዘሎና እምበኣር ንዘክሮ፡ ንሕሰበሉ ድማ።

ጉዳይ ናይ ደቅና፡ ከቢድ ሓላፍነት፡ ጉዳይ ናይ ህይወትን ሞትን ምዃኑ ተገንዚብና መንፈሳዊ ህይወቶም ክንኩ ስኹስ ስራሕና ኢልና ወሲድና ኽንዕጠቐሉ ኣሎና። ከምቲ ገለ ገለ እንሰምዖ ወይ እንብሎ፡ *'ኣብ ቤተ ክርስትያን እምበር እዮም ዓብዮም ... ወዲ ሰባኺ ... ጓል ሰባኺ እምበር'ያ ነይራ... ኣቦኣምሲ እምበር ኣገልጋሊ እዩ ... መዘምራን እምበር'ዮም ነይሮም... ኣየ እቲ ድምጸም እባ ኸጥዕም ዝነበረ! . . .'* ዘብሉ ናይ *'ነይራ፡ ነይሩ፡ ነይሮም'* ዝብል መዕለሊ፡ ዘሕዝን ባህርያት ናይ ታሪኽ ኰይናም ከይተርፉ ንጠንቀቕ። ተሓተትቲ ኢና እሞ ነቲ ዝኣተናዮ ቃል ክንዕቅብ ግዴታ ኣሎና።

ደቅና ንዝጀመርዎ መገዲ ክርስትና ክቕጽልዎ እምበር ንኸየጥፍእዎ እነበርክቶ ግደስ እንታይ እዩ ኢልና ወትሩ ምሕታትን ነቲ ዝኣተናዮ ቃል መብጽዓ ኽንዝክርን ኽንዕቅብን ይድግፈና።

ንዝመጽእ ተካእትናን ተስፋናን እዮም ደቅና ምዃኖም ኣስተውዒልናስ እንታይ ኽንገብር መዲብና ኣሎና? ወይስ ንዝንግዖ ኣሎና?

ቤተ ክርስትያናትና ከም ልሙድ

ሰንበት ሰንበት፡ ከምኡ’ውን በብግዚኡ ጉባኤታት ወይ ከኣ ፍሉይ ናይ ምንቕቓሕ መደብ የካይዳ እየን። በዚ ጊዜ እዚ ኣብ መብዛሕትኦን ዓድታት እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ሓደ ክፍሊ ተዓጽዮም ክኃየዩ፡ ክብኣሱ፡ ሓንሳእ ሓንሳእ ድማ ኽናጫነጩ ትረኽቦም። ኣረ፡ ኣብ ገለ ገሊኡስ ወይ ዝኾነ ሓደጋ ኽየጋጥሞም ወይ ወጺኦም ከይጠፍኡ ንዝኾነ ይኹን ሃለዋቶም ዝገብር ወይ ዝሕልዎም ወይ ዘስተብህለሎም ሰብ ዘይብሎም፡ ንበይኖም ይኹኑ ዝገደፍዎም እውን ኣጋጢሞምኒ ኣለዉ። ገሊኦም ድማ ቲቪ ክርእዩ ትረኽቦም። ‘ትም ይበሉልና እምበር ደሓን፧ ብዝብል ወለዶም ናይ ዘይምግዳስ ባህርያት ሓቝፎም እንታይ ይርእዩ ከም ዘለዉ’ውን ኣይፈልጡን። እዚ ብሓቂ ዘተሓሳስብን ዘሕዝንን እዩ። ዘመክሕ ኣይኮነን።

ካብ ሓንቲ ቤተ-ክርስትያን ሓደ ቈልዓ ምስ ዝጠፍእ ወይ ዝኾነ ዓይነት ሓደጋ እንተ ደኣ ኣጋጢምዎስ ኣብ መጕዳእቲ በጺሑ፡ ብሕጊ ዘሕትትን ዓቢ መቕጻዕቲ ከኸትል ዝኽእልን እዩ። እቲ ዝገደደ ኸኣ ዘይነበረካ ብዙሕ ጓህን ሓዘንን ከኸትል ዝኽእል ምኳኑ ሓደ እኳ ኽዝንግዖ ዘይብሉ ሓቂ እዩ።

ነዚ ዘስተብህሉሉ የለዉን ማለት ኣይኮነን። ግና ንሳቶም ከኣ ነቶም ቆልዑ ኣብ ክንዲ በቲ ናይ መንፈሳዊ ሃለዋቶምሲ በቲ ኻልእ ኩነታቶም መኽዓቢ ክሳዕ ዝኾኑ ኣዝዮም ካብ መጠን ንላዕሊ ዘብዝሕዎ ድማ ኣለዉ። እንተ በዚ እንተ በቲ እቶም ቈልዑ ኣብ ቤተ ክርስትያን ክነሶም ካብ ኩሉ ሓዲግ ተሪፎም ትረኽቦም።

ስለዚ፡ ይግበር ኣሎ ኢልካ ዘይኮነስ፡ ደቅና ግቡእን ኣድላዪን ስለ ዝኾነ እቲ ዘድሊ መንፈሳዊ ትምህርቲ ንክረኽቡ ምጽዓት ሰናይ ግዴታና ጌርና ንቀበሎ። እሞ ብውሱን ቈራጽነት ከነተግብሮ ድማ ንተዓጠቕ። ከምኡ እንተ ዘይጌርና ቅድም ህይወት ደቅና ከይነጥፍእ፡ ደሓር ድማ ታሪኽን ህይወትን ኣብያተ-ክርስትያናትና ካብ ሕጂ ሰላሳ ዓመት እውን ኣይክሓልፍን እዩ።

እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስበኒ ጕዳይ ታሪኽ ኣብያተ ክርስትያናትና ንኸይሃስስ፡ ንኸይጠፍእ ዘይኮነስ ህይወት ደቅና እዩ። እዚ ድማ ካብ መንፈሳዊ ዓለም ርሒቖም ኣብ ጥፍኣት ንኸይበጽሑ እዩ። ቃል ኣምላኽ ኣብ ዘዳግም 6፡ 4-7

> "ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሓደ እግዚኣብሄር እዩ። ንስኻ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓይልኻን ፍተዎ። እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ቓላት ኣብ ልብኻ ይኹን። ንደቅኻ ምሃሮም፣ ኣብ ቤትካ ኣብ ኰፍ ምስ በልካን ኣብ መገዲ ክትከይድ ከሎኻን ኣብ በጥ ምባልካን ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ ተዛረብ።" ይብል።

እዚ ትእዛዝ እዚ ነቶም ካብ ግብጺ ዝወጹ እስራኤላውያን ዝተባህለ፡ ንዅላትና ዝምልከት ነገር እዩ። ገና ህጻውንቲ ኸለዉ ጀሚሮም ነቲ እግዚኣብሄር ዝገበሮ ዅሉ ንኽፈልጡ ኽንምህሮም እግዚኣብሄር ኣዚዙና እዩ። እዚ ኸኣ ብፍጹም ኽንዝንግዖ ዘይብልና ነገር እዩ። ጽባሕ ንግሆ፡ ኣይ ... እ! ረሲዔዮ እንድየ ኢልካ ኽትወጸሉ ዘይትኽእል ጣዕሳ ኸይኮነና።



እንሕተተሉ ዓቢ ሓላፍነት እዩ እሞ ኣይን ዘንግዓዮ።

ጓሳ ማሕበር ይኹን ሽማግለ፡ ሰባኺ ይኹን ወይስ ዘማሪ፡ ኣብ ምዱብ ኣገልግሎት ዘየሎ ኣማኒ እውን እንተ ኾነ ዅሉ እቲ ቀዳማይን ዝለዓለን ኣገልግሎቱ ንቤተ-ሰቡ ምኳኑ ኣዕሚቑ ይገንዘቦ። ደቅና ልዕሊ ዅሉ እቲ ዘሎና ሓላፍነትን እንገብሮ ዕዮን ምኳኖምን ብዛዕብኦም ከም ንሕተትን ክስወጠና ኣለዎ።

ሓላፍነትና ኾይኑ ነቶም ዝዓብዩ ደቅና ኽንምህሮም ይግብኣና። ማለት፡ ፈሪሆምና ዘይኮነስ፡ ከምቲ ንጉስ ሰለሞን ዝብሎ መለኮታዊ ጥበብ ምኳኑ ክርድኦም እሞ ፈሪሃ እግዚኣብሄር ዘለዎም ክኾኑ፡ መቖረቱን ኣድላይነቱን ተረዲኦዎም፡ ፍቕሪ ናይ ቃል ኣምላኽ ኽሓድሮም፡ ዝናፍቕዎ ዓይነት ክኸውን፡ ጸሎት መስለጢ ከም ምኳኑ መጠን ተገንዚቦምን ኣድላይነቱ ፈሊጦምን ተረዲኦምን ናይ ዕለታዊ ግዲኦም ምእንቲ ኽገብሩዎ፡ ኽንጽዕት ሓላፍነትና እዩ።

ኣብ ዛንታ ናይ ንእማን እንተ ኣንበብና፡ ካብቲ ዝነበሮ ሕማም ለምጺ ንኽፍወስ ዝሓበረት ሓንቲ ተማሪኻ ናብ ሶርያ ዝኸደት ኣይሁዳዊት ንእሽቶ ጓል እያ ነይራ። ንሳ ንእመቤታ

> "ጐይታይሲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማርያ ዘሎ ነብዩ እንተ ዚህሉስ ሽዑ ካብ ለምጹ መሕወዮ ነይሩ" በለታ።

እዛ ጓል እዚኣ ዕድሜኣ እኳ እንተ ዘይፈለጥና፡ ንእሽቶ ምንባራ ግና ነንብብ። ከምዚ ኢላ ንሓደ ሓለቓ ሰራዊት ናብ ነብዩ ኤልሳእ ክትሰዶስ ቅድሚ ሕጂ ዝረኣየቶ ወይ ድማ ብዝሰምዓቶ ብዛዕባ ኤልሳእሲ እንታይ ነገር ኰን ነይሩ ይኸውን? ብዛዕባ እቲ ህያው ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር፡ ካብ ወለዳ ዝሰምዓቶን ዝረኣየቶን ክኸውን ናይ ግድን እዩ።

እምበኣር ቈልዓ እውን እንተ ነበረት ኣብ ውሽጣ ዝሰፈረ መንፈሳዊ ሓቂ ነይሩዋ። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡

> "ንቈልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኦ መገዲ ኣላምዶ እሞ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይከልግስን እዩ።" (ምሳ 22፣6)

ናብ ህይወትና ምልስ ኢልና እንተ ረኣና’ውን፡ እቲ ብቘልዑትና ዝመሃሩና ኣብ ህይወትና እቲ ዝዓበየ ጽልዋ ዘለዎ ምኳኑ ኣሉ ክንብሎ ፍጹም ኣይንኽእልን ኢና። ስለዚ ብሕልፊ ነዞም ኣብ ስደት ዝተወልዱ ደቅና፡ ካብ ንስእነቶም ጀሚርና ብቓል ኣምላኽን ብጸሎትን ከነዕብዮም ይግብኣና። እዚ ንገለ ገለ ከም ጊዚኡ ዘሕለፈ ኣረጊት ባህሊ ኰይኑ ይረኣዮም ይኸውን። እቲ ጉዳይ ናይ ዝዓብዩ ቆልዑ ግና ወትሩ ቈላሕታ ዘድልዮ ሓድሽ ነገር እዩ። ስለዚ ድማ ኽንበራብር ብዛዕብኡ ድማ ገለ ነገር ኽንገብር ይግብኣና።

ክቡራት ወለዲ፡ ኣብ ቤትና ምስ ደቅና ናይ ቃል ኣምላኽን ናይ ጸሎትን ጊዜ’ዶ ኣሎና? ብወዝቢ ጸጸኒሕና ዘይኮነስ ብኣገባብን ብስሩዕ ልማድን ኣብ ገገዛና እነዘውትሮ ናይ ምምሃር ቃል ኣምላኽን ናይ ጸሎትን ጊዜ ክህልወና፡ ብፍላይ እኳ ድኣ ንኣሽቱ ከለዉ፡ ናይ ግድን እዩ።

ናብራ እዛ ዓለም እዚኣ መወዳእታ ኣለዎ። ንሕናን እቶም እግዚኣብሄር ዝሃበና

ውሉድናን ኣብታ እትመጽእ ዘለኣለማዊት ቤት ሓቢርና መዋርስቲ ክንከውን ዕላማና ይኹን። ዝምድናና ናይ ሒደት ዓመታት ናይ ምድሪ ኰይኑ ጥራይ ኣብዛ ዓለም ንኸይተርፍ ዓሚቝ ትምኒት ጥራይ ዘይኰነስ ዕላማ'ውን ይሃልወና። ግና ትምኒት ዕላማን ጥራይ ኾይኑ ምእንቲ ኸይተርፍሲ እቲ ግዴና ብዘይ ምስልካይ፡ ተጊህና ልባዊ ጽዓት ንግበረሉ። እቲ እንደልዮን እንትምነዮን ባዕሉ ክኽሸነልናን ክኾነልናን ብምጽባይ ኣይንዓሹ።

ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት፡ እቲ ጉዳይ ናይ ዝዓብዩ ቆልዑ ኣድላይነቱን ኣገዳስነቱን ክሳዕ ክንደይ ከም ዝኰነ ዝሕብራ እየን። እሞ፡ ምእንቲ ከነስተውዕለለንሲ ብህድኣት ከነንብበን እላቦ።

1. መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ሓይልና ብትምህርቶም ክነፍዑ፡ ከምኡ ድማ ከም ሙዚቃ ወይ ስፖርት መሳሊ ነገር ክዋስኡ ኢና ንጕዩ። እዚ ኵሉ ኣዝዩ ዜድልን ጠቓምን እኳ እንተ ኾነ፡ ምስቲ ናይ ዘለኣለም ህይወትን ምስቲ መንፈሳዊ ናብራን ዝወዳደር ኣይኰነን። ንኲሉ ገግቡእ ሚዛኑ ንሃቦ።

2. ኣእምሮኦም ብዙሕ ነገር ክሕዘሉ ዝኽእል ሕጂ ብምኳኑ ይሰቈረና። እሞ፡ ንሕና ብኸምቲ ዝግባና ብዘይምኹስኳስና ክቡርን ዘይትካእን ጊዜ ነቃጽል ከም ዘሎና ንረዳእ።

3. ግዝኣትና ኾይኑ፡ ኣብ ቤትና እኳ እንተ ወገድናዮም፡ ኣብ ደገን ኣብ ቤት ትምህርትን፡ ንደቅና ካብ መማህርቶምን መጻውቶምን ከምኡ እውን ቲቪን ኮምፕዩተርን ፈጺምና ኽንውግዶም ዝከኣል ኣይኰነን።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ እንሓስበሉ፡ እቲ ክምሃርዎ ዝግባእ ሰናይ፡ ንሕና እንተ ዘይምሂርናዮም፡ ኣብቲ ቦትኡ ካልእ ክምሃሩ እዮም። ኣብ ደገ ንህይወት ኣዕናዊ ብዝኾነ ዘይረብሕ መፈጸምትኡ ድማ ግናይ ውጽኢት ዘለዎ ገፈጥመፈጥ፡ ዝሓዘለ ትምህርቲ ከም ዝምህርዎም ንስሕቶ እንተ ደኣ ኾይንና፡ ንርእስና ነዐሹ ንእኦም ድማ ይጥፍኡ ንሓድጎም ኣሎና ማለት እዩ።

ስለዚ ኣብዚ እንነብረሉ ዘሎና እዋን እቲ ዘዕቢ ናይ እቲ ኣብ ምዕባይ ዘሎ ንእሽቶ ጸገማት ተረዲኡ ግቡኡ ኽፍጽም ከም ዘለዎ፡ እቲ ቐዳማይ ክርድኦ ዘለዎ ክርስትያን እዩ።

4. ኩላትና ከም ዘይንዝንግዖ፡ ጊዜኡ ከቢድ እዩ። ሎሚ ንሕና ዘየሕለፍናዮ ዓይነት ጸገማትን ሽግራትን ከም ዝሓልፉ ንረዳእ። ንሕና ክንዓቢ ከሎና ብዛዕባ ሕብሪ ቈርበትና ወይ ድማ ካልእ ዘይንፈልጦ ሰብ ከይዕምጻናን ከይሰርቀናን ዝብል ፍርህን ሽግርን ኣይነበረን።

ንሳቶም ግና ከምዚ ዝኣመሰለ ዓብዪ ጸገማት ከም ዘለዎም ኣስተውዒልና፡ መንነቶም ክፈልጡ፡ ነቲ በዕሩኽቶም ዝጓንፎም ጸቕጥታት ብዓወት ክሓልፉዎ፡ ብዘይፍርሒ ድማ ንኽዓብዩ፡ ከም ወላዲ ጥራይ ዘይኰነስ ከም ኣዕሩኽቶም ድማ ንኹን።

5. እቶም ኣብ ምዕባይ ዘለዉ ንኣሽቱ፡ ካብ ዕሸል ዕድሜኦም ቤተ-ክርስትያን ምኻድ ከሐጕሶም ይግባእ። ብዝኾነ ይኹን ክጸልእዎ ምኽንያት ምስ እንህቦም፡ ድሓር ምቕያሮም ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኪኸውን እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ናትና ሓላፍነት እዩ።

ንሕና ተኣኪብና ክንዝምር፡ ቃል ኣምላኽ ክንምሃር፡ ክንጽሊ፡ ክንሕጐስ፡ ክንዘልል፡ ንሳቶም ግና ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ተዳጕኖም፡ ንብዙሕ ሰዓታት ዋጭዋጭ ምባልን ምስቶም ሕጻውንቲ ኰይኖም ቪድዮ ምርኣይን ከመይ ክሃንጾም ይኽእል? እስኪ ቀስ ኢልና ንሕተቶም 'ናብ ቤት እግዚኣብሄር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጕስኩ' ይብሉ'ዶ ይኾኑ?

6. ብዙሓት ወለዲ ደቅና ነቲ ክፉእ ናይዚ ዓለም ክሳዕ ክንደይ ከም ዝፈልጡ ይስወረና። እዚ ኸኣ እንተ ፈሪህና እንተ ዘንጊዕና ክንፈልጥ ስለ ዘይንደሊ፡ እዩ። ከም ዝተዓዘብክዎ ግና ደቅና ካብቲ ይፈልጥዎ እዮም ኢልና እንሓስቦ ካብ ዓሰርተ ዕጽፊ ንላዕሊ ነቲ ከክፉኡ ከም ዝፈልጡ ኣይንዘንግዕ።

እምበኣር፡ ብዝበለጸ ዝሰምዑና ኣብቲ ጊዜ ቍልዕነቶም እዩ እሞ፡ ውሉድና ንዓለም ኣይነረክባ። ናይ ምኹስካስን ምጽሃይን ስራሕና እዩ እሞ፡ ተዓጢቕና ንከታተሎ።

7. እዞም ኣብ ኢድና ዘለዉ ጽባሕ እንታይ ከም ዝኾኑ ፍጹም ኣይንፈልጥን ኢና። እግዚኣብሄር ዕድመን ጥዕናን ሂብዎም፡ ብርግጽ ሓደ ነገር ክኾኑ እዮም።

መን ይፈልጥ፡ ካብኣቶም መራሕቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ቤተ ክርስትያናት፡ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣናትን ሰብ መዝን ... ወዘተ፡ ክወጹ ይኽእሉ እዮም። ብሓጺሩ ግና ዝኾኑ እንተ ኾኑ፡ ኣብቲ ምኳኖም ኢድ ከም ዘሎና ኣይንረስዕ። ግናስ እቲ ኢድ ዘእተናሉ ግዴና እንታይ ውጽኢት ክህልዎ ኢና እንደሊ ሕቶና ይኹን።

ሎሚ ንደቅና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብያተ ክርስትያናትና ከመይ ጌርና ንኹስኵሶም ኣሎና? ንኣመሓደርቲ ቤተ ክርስትያን እንተ ንሓትት፡ ነቶም ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዝመጹ ዘለዉ መንእሰያትን ቈልዑን ከመይ ተታሒዞም ከመይከ ይጓሰዩ ኣለዉ? ብሓቂ ዝምሃሩሉ፡ ባህ ኢልዎም ዝመጹሉ፡ ለውጢ ኣብ ህይወቶም ዝርኣየሉ፡ ንኻልኦት ድማ ኣብነት ዝኾኑሉ፡ ዓይነት ጌርናዶ ነዕብዮምን ንጓስዮምን ኣሎና? ጽባሕ ንግሆ፡ ተሓተትቲ ምኳንና ኣይንረስዕ።

ሕጂ ክሓስቦ ከለኹ፡ ነዚ ኣቓዲመ ንወለዲ ዝበልክዎ ሓሳባት ኵሉ ዝፈልጦ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ። ኣብ ቤተ-ክርስትያናትና መደብ ናይ እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ክሕዝ ዝደሊ ሰብ ንኽትረክብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። በቲ ኻልእ ወግን ከኣ፡ ብዙሓት ሰባት ኣገልግሎት ዘይተዋህበኒ ኢሎም ኪኹርዩ ከምኡ'ውን ኽዕገርግሩ ትርእዮም። ከመይ እዩ እቲ ነገሩ?

ኣየተሓሳስብንዶ? ነዚ ናይ ብዙሓት ሰባት ሓይልን ጊዜን ዘድልዮ ክፍሊ ኣገልግሎት፡ ማለት እቲ ናይ ቈልዑትና

ምኽንኳስ ሰብ ምስኣንናስ ስለምንታይ እዩ? ብሕልፊ ድማ ፍሉይ ዝሰብኽ ወይ ዝምህር ጋሻ ኣብ ዝመጸሉ ናይ ምንቕቓሕ ጊዜ እሞ መንክ ነቶም ቈልዑ ቁሊሕ ክብሉም! ሰባት ነዚ ክገብሩ ምስ ዝሕተቱ፡ መብዛሕትኡ እዋን እቲ መልሶም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡-

1. ናተይ ውህበት ኣይኰነን፡
2. ቋንቋ እንግሊዝ ኣይመልከንየ፡
3. ስለ ዝርብሹ ክቈጻጸሮም የሸግረኒ'ዩ፡ ደሓር ከኣ ጫውጫው ኣይፈቱን እየ።
4. ንርእሰይ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተምሃርኩ እንታይ ክብሎም እየ?
5. ምስ ወለዶም ዘይነብረኒ ምግጫው ከምጽእ ኣይደልን እየ፡
6. ጀሚረ ነይረ፡ ግናኸ ዝኽእሎ ዓይነት ኣይኰነን፡
7. ካልኦት ኣለዉ'ንዶ . . . . ወዘተ፡

ድፍረት ድኣ ኸይመስል እምበር፡ እዚ ምላሻት ዓይነት እዚ መብዛሕትኡ እዋን “መመኸነይታ ድሙ መይታ” ዓይነት ድኣ እምበር ሓቂ ዘለዎ'ውን ኣይኰነን። እወ፡ ሰብ በበቲ ውህበቱን ክእለቱን ኽገልግል ብዙሕ ፍረ ይርከቦ እዩ።

ኣብ ሕብረትናስ እግዚኣብሄር ነዚ ውህበት እዚ ኣይዕደለናንዶ እዩ? ሓደ ሰብ ናይ መዝሙር ውህበት እንተ ዘይብሉ'ስ ክዝምር ኣይክእልን'ዶ እዩ? ሓደ'ኸ ምስባኽ ውህበቱ እንተ ዘይኰነ ክሰብኽ'ዶ ኣይክእልን? ብርግጽ እዩ ምኽኣሉ!! ኣብዚ ክትርድኡኒ ዝደሊ ነጥብታት ኣሎ።

ንምሳሌ፡ ከምዚ ዝበልናዮ፡ ሓደ ሰብ ናይ ምምሃር ውህበት እንተ ዘይብሉ ክምህር ኣይክእልን ማለት ኣይኰነን። ግና እቲ ውህበትን ክእለትን ዘለዎ ሰብ ምስ ዝህሉ፡ እቲ ቦታ ንእኡ ኽግደፍ መልክዕ ዘለዎ ጥራይ ኣይኰነን፡ ኽግበር ዘለዎ ነገር እዩ።

ምኽንያቱ፡ ከም ብዓል ውህበት መጠን ንሱ ብዝበለጸ፡ ከሳልጦ ስለ ዝኽእል። ብዝበለጸ ኽጠቕም፡ ውጽኢቱ እውን ዝበዝሐ ይኸውን እዩ።

በዓል ውህበትን ክእለትን ክሳዕ ዝርከብ ግና ኣድላዪነት ናይቲ ዕዮ ርኢኻ ብኹሉ ወገን ከም ኣድላይነቱ እናተዳሎኻ ብሓቂ ኺግበር ይከኣል እዩ።

ኣብ ልዕሊ እዚ፡ ቋንቋ ዓብዪ ግደ እኳ እንተ ኣለዎ፡ ሓሳባትና ክንገልጽ ክሳዕ ዝኽእልና፡ እቶም ደቅና ዘፍቅሮምን ዝሓልየሎምን እንተ ረኺቦምሲ ከም ዝሰምዑ ኣነ ምስክር እየ። እምበኣርሲ፡ ንምኽንያት ንየው እናበልና ንኣገልግሎት ድሉዋት ንኹን። ኣብ ኣገልግሎት ዘይምስታፍና፡-

1. ጾር ወይ ከኣ ራእይ ስለ ዘይብልና፡
2. መስዋእቲ ንምኽፋል ስለ ዘይንደሊ፡
3. ቀልጢፍና ፍረ ንርእየሉ ነገር ስለ ዘይኰነ እሞ፡ ስለ እንሕለል፡
4. እቶም ዘይወለድና "እንታይ ገዲሱኒ ወለዶም ኣለዉዎም" ዝብል ዓይነት ባህርያት ስለ ዝሎና፡
5. እቶም ዝወለድና ድማ ኣብ ቤት ክርስትያን ምስ መጸእና ደቅና ወሲዱ



ዝዕርፉና ሰብ ስለ እንደሊ እዩ።

ክቡራት ኣሕዋት- ካብዚ ከምዚ ዓይነት መመኸነይታ ወጺእና፡ እቲ ጥቕሙ ተረዲኡና ንኽእሎ ኹሉ ክንገብር እግዚኣብሄር ይጽበየና ኣሎ። ብርግጽ ድማ ክንሕተተሉ ኢና። እቶም ወለዲ ዝኾኑና ኣብ ቤትና ቃል ኣምላኽ ክንምህሮምን ሓቢርና ምስኦም ክንጽልን ግቡእና እዩ። ምናልባሽ'ውን ገሌና ኽንገብሮ ይግብኣና ከም ዝነበረ ንፈልጦ እኳ እንተ ኾነ ሕጂ ግና ደቀይ ድሮ ስለ ዝዓበዩ ኽገብሮ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ ንብል ንኸውን። ነቶም ከምዚ ዝብሉ'ውን ንእግዚኣብሄር ዝጨንቆ ነገር'ዶ ኣሎ? ኢሉ ክሓቶም ደስ ይብለኒ።

ሕጂ'ውን እንተ ድኣ ብሓቂ ደሊናዮ እግዚኣብሄር መገዲ ኽዳልወልና ይኽእል እዩ። እቶም ናይ ህይወት መገዲ ዝፈለጡ ኩላቶም ወለዲ ነቶም ውሉዶም ናይ ምድሓን መገዲ የሱስ ጥራይ ምዃኑ ባዕሎም ክነግርዎም ሓላፍነቶም እዩ። ካልእ ሰብ ክንግረሎምን ክምስክረሎምን ክጽበዩ የብሎምን። ከምኡ ድማ ብመንፈሳዊ ንኽዕብይዎም ናይ ግሎም ሓላፍነት እዩ። እዚ ማለት ኽጥለም ዘይከኣል ሕድሪ እዩ።

ኣብ ቤት-ክርስትያናትና ንዓበይትን ንንኣሽቱን ደቅና ዝኸውን መንፈሳዊ መግቢ ክህልወና ውዓል ሕደር ዘይብሃሎ ጉዳይ እዩ። ኣድማዒ ንክኸውን ድማ በብዕድሜኦም ከፈልና ክንምህሮም ኣሎና።

ስለዚ፡ ቍጽሪ ናይ ፍቓደኛታት መምህራን ብዝሒ ኪህልዎ ይግባእ። ይወፈ እኳ ድኣ እምበር፡ ሰንበት ሰንበት ሓደ ሰብ ኪምህሮም ምግባር ነቲ ሰብ'ውን ስብከት ካብ ምስማዕ ኽሎላልፎ ይኽእል እዩ። ስለዚ'ውን እቲ ሰብ ቅሩብ ክሕለል ኽገብሮ እዩ።

እቶም ንኣሽቱ ቈልዑ ድማ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ መማህራን የድልይዎም። ሓደ እናመሃረ እቲ ሓደ ኸኣ ዝሕግዝ ማለት እዩ። ንኣብነት ናብ ሽንቲ ቤት ክኸዱ ምስ ዝደልዩ ዘብጽሖም ክህሉ የድሊ፡ ከምኡ'ን ንዘርብሹ ወይ ንዝበኽዩ ዝድግፍን ዝእብን ድማ የድሊ። እምበኣር፡ *‘ነዚ ጉዳይ እዚ ብዝኽእሎ መገዲ ክሉ ክድግፍ እየ፡’* ኢልና ክንትስእ እምሕጸን።

እምበኣር፡ ነዚ ምሕጽንታ እዚ ንምትግባር ኽድግፉ ይኽእሉ እዮም ዝብሎም ነጥብታት ቅርብ ኢልና ነስተብህለሎም፡-

1. ኣብ ቤት ክርስትያናትና ንዝመጹ ቈልዑን መንእሰያትን ከም ነፍቅሮምን ከም ንሓልየሎምን ብንጹር ነርእዮም። ነዚ ንኽንገብር ድማ ክንቀርቦም ይግብኣና። እስከ ንሕሰብ፡ ኣብ ቤት ክርስትያን ዘለዉ ቈልዑን መንእሰያትን ንኽንደይ ካብኦም ኣስማቶም ንፈልጦ? ምስ ክንደይ ካብኣቶም'ከ ኰንና ኢልና መዲብና ጊዜ ወሲድና ዘሕለፍናዮ ወይ ኣዕሊልናዮም ንፈልጥ?

ግደ ሓቂ ኽንዛረብሲ፡ ብዛዕባ እቶም መንእሰያትና፡ ኣብ ክንዲ ከም ናትናን ደቕናን ጌርና ምርኣይሲ፡ ስለ እቲ ካብ ናትና ፍልይ ዝበለ ኣከዳድናኦም ይኹን ኣዘራርባኦም ክንደይ ጊዜ ትሒም ትሒም ኢልና ብሓሳባትና፡ ነጺግናን ተመኪሕናን

ንኸውን?

ነስተውዕል ክንርዳእ ድማ ንፈትን! እዞም መንሰያትና ዝነብሩዎ ዘለዉ ወለዶን እዋንን ፍልይ ዝበለ ጥራይ ዘይኮነንስ ሓደገኛ’ውን እዩ። ካብቲ ናይ ቀደም ሎሚ ብዝለዓለ ምርዳእን ሓገዝን ድማ የድልዮም። ንዝኾነ ይኹን ንእኦም ንኽንበጽሕ፡ ንሳቶም ኣባና እምነት ኽሕድሩ ኣለዎም። እዚ ንክኸውን ከኣ ከም እነፍቅሮም ክርድኡ ኣለዎም።

ኣከዳድናኦም ይኹን ኣዘራርባኦም፡ ወይ ኣመሻሽጥኦም ካብቲ ናትና ፍልይ ዝበለ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግና ከምቲ ዘለውዎ ከም እነፍቅሮምን እንሓልየሎምን ክርድኡ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። እንተ ዘይኮነስ ጽባሕ ንግሆ ንዝኾነ ይኹን ንኽትበጽሖም ኣሸጋሪ ኾይኑ ክንረኽቦ ኢና።

2. እቶም ኣብ ቤተ ክርስትያን ክንምህሮም ወይ ከኣ ክንሕዞም እንምዘዝ ሰባት ጥበብን ምስትውዓልን ኣዝዩ የድልየና። ነቲ እንምህሮም ብኸመይ ናብኦም ነመሓላልፎ፡ ብኸመይ መገዲ ክንምህሮም እሞ ናብ ኣእምሮኦም ከም እነእትዎ፡ ከመይ ጌርና ከኽብሩናን፡ ክእዘዙናን ከም እንገብር ክንፈልጥ ኣሎና።

ገለ ገሌና ከምቲ ንሕና ዝለመድናዮ ስብከትን ኣምልኮን ጌርና ክንሰብከሎም ንደሊ እሞ፡ ሸውሃቶም ንዓጽዎ። ንሳቶም፡ ንኣሽቱ እዮም። ከም ምኳኖም መጠን ከኣ ንነዊሕ ደቓይቕ ናትና ስብከት ክሰምዑ ይኽብዶም እዩ። ከከም ዕድሚኦም ግና ካብ ፍርቂ ሰዓት ዘይበዝሕ እናሓተትናን እናጻወትናን ምስ እንምህሮም ዝያዳ ቁም ነገር እዮም ዝሕዙ።

ትሕዝቶ ናይ እቲ ንምህሮም ኣብ መወዳእትኡ ንጐይታ ኪቕበሉ ዝገብሮም፡ ዝልውጦም፡ ዝማርኾም፡ ንዳሕራዩ ካብ ፍርዲ ነጻ ዝኾኑሉ፡ ናይ ህይወት ሕትኦም ዝምለሰሉ፡ ኣብ ቤትን ኣብ ደገን ከም ክርስትያናት ብርሃን ኰይኖም፡ ንርእሶም ተባሪኾም ንኻልኦት ድማ ንበረኸትን ንድሕነትን ዝኾንሉ ዓይነት ህይወት ንኽነብሩ ዘኽእል ቃል ሓቂ ከም ነዕጥቖም ዘሎና ኵሉ እዋን ክንምርምሮ ይግባእ። እዚ ኸኣ ቅድሚ ምምሃርና ግርም ዝኾነ መደብ፡ ድሕሪ ምምሃርና ኸኣ ብዛዕባ እቲ ዝመሃርናዮን ዝነበረና ጊዜን እናንጸባረቕና ምሕሳብን ድሕረ-ምምዳብን ኣድላዪ እዩ።

3. ኣብቲ ቃልና ንረኽብ፡ ዝበልናዮ ንገብር ዓይነት ሰባት ክንከውን ናይ ግዲ እዩ። ደቅና ሓንሳእ ንሕሰወሎም እንተ መሲልዎም፡ ወይ ድማ ምስጢሮም ዘይንሕዘሎም እንተ መሲልዎም፡ ድሕሪኡ ንኽኣምኑና ከም ዘጽግሞም ተዓዚበ ኣለኹ። እሞ፡ ንጠንቀቕ። ኣዚና ንጠንቀቕ!

4. እንተ ድኣ ኽነገልግል ኢልና ጀሚርና፡ ፈጸምቲ ድማ ንኹን። እዚ ዓብዩ መስዋእቲ ዝሓትት እዩ። እቲ መምህሮም ኪኸውን ዝደሊ ዓቢ ዓስቢ ክረክብ ምኳኑ ፈሊጡ ንሰብ ዘይኮነስ ንእግዚኣብሄር ኢሉ ይዕየ። እዚ ድማ



ኵሉ እዋን ተዳሊኻ ምኻድ ... ዒራ ቈልዑ እዮም ኢልካ ናይ ምንኣስ ዓይነት ሕልናን ሓሳባትን ንዘይብሉ መገዲ ንቑሕ ኴንካ ምርካብ፡ ብሰዓትካ እሙን ምኻን የድሊ።

5. ቤተ ክርስትያን ድማ ነቲ ነዚ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ኣገልግሎት ዘድሊ ገንዘብ ንምውጻእ ፍቓደኛ ክትከውን የድሊ። ንምሳሌ፡ ከከም ዕድሜኦም ዝጥቀሙሉ መሳርሒ የድልዮም። እዚ ገንዘብ ይሓትት። እሞ፡ ከም መጠን ናይ እቲ ቤተ ክርስትያን ሓደ ካብቲ ኣገልግሎታት ኣብ መደብ ክኣቱ ኣለዎ።

ነቶም ኣብ ቤተ ክርስትያን ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን፡ እንተ ወሓደ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ እንተ ደኣ መቒልናዮም፡ ህጻውንቲ (ክሳዕ 4/5) ዓመት፣ ማእከሎት (5 ክሳዕ 12)፣ መንእሰያት (13 ንላዕሊ)።

እቶም ህጻናት፣-

- ከም መውዓሊ ህጻናት ጌርካ ኣዴታት ከይተረበሻ ንኽምሃራ ትሕዘለን።
- ካብ ክልተ ንላዕሊ መምህራን የድልዩ።
- ዝበዝሐ ሰዓታት ናይ ጸወታን ሕብሪ ምልካይን ቪድዮን ምግጥጣምን ይኸውን።
- መማህራን ኰፍ ኢሎም እምበር ደው ኢሎም ኣይምህሩን።
- መዛሙር ተዘምሮም፣ ሓጺር ጥቕሲ ድማ የጽንዑ። ንገለ 20 ደቒቕ ዝኸውን መዝሙርን ቃል ኣምላኽን ይምሃሩ።
- ምስቲ ዕድሚኦም ዝኸይድን ዝሰማማዕን መንፈሳዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ቪድዮ ይርእዩ።
- ኣብ ቅድሚ ወለዶም ዘርእይዎ ተዋስኦን ጥቕስን ይምሃሩ።
- ብጉጅለ ጌርካ እናወዳደርካ ሕቶታት ብምሕታት ተገዳስነት ከም ዝሓድሮም ምግባር።
- ሓሊፉ ሓሊፉ ፒሳ ወይ ናይ ሓቢርካ ምብላዕ መደብ ተዳልዎሎም።
- ሕቶ ኣለዎም እሞ፡ ስምዓዮም መልሰሎም ድማ።
- ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ኣምልኮ መዛሙር ኣለዎም። ኣዘምሮም።
- ንኽዛረቡ ኾነ ገለ ነገር ንኽገብሩ ኣይተገድዶም።
- ሓሳባት ካብኦም ተቐበል።
- ኣብ ካልእ ዓዲ ምስ ዘለዉ ብጾቶም ኣፋልጦም።

ቀሊል ስራሕ ኣይኰነን እሞ፡ ቤተ ክርስትይናትና ነዚ ነገር ክገብራ ብርክት ዝበሉ ፍቓደኛታት ሰባት የድልዩወን። ብሕልፈ እቶም ኣገልግሎት ክውሃበና ንጽልን ንመራሕቲ ቤተ ክርስትያናት ንሓትትን ነዚ ዕዮ እዚ ክንጓየየሉ ሓደራ እብል።

**ሓበሬታ**

**ናይ ዝሓለፈ ናይ መበል 22 ዓመጣዊ ጉባኤ ቪድዮን ዲቪዲን ተዳልዩ ከም ዘሎ እሞ፡ ኽትእዝዙ ከም እትኽእሉ ንሕብረኩም።**